# ዜናዊ ጸብጻብ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 01.10.2004

1. ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ፣ ብመንግስቲ ሊብያ ኣብዚ ቀረባ እዋን እተፈጸመ በሰገዳድ ናብ ኤርትራ ናይ ምምላሶም ተግባራት ብምቅዋም፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን ዘዳለዉዎ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ብዕለት 24 መስከረም 2004 ኣብ ስዊዝ፣ ኣብ ከተማ ጀነቭ፣ ከም እተኻየደ ካብቲ ቦታቲ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ክልተ ወከልቲ ካብ ሲቪካዊ ማሕበራት፣ ሓደ ካብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሓደ ድማ ካብ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ብሓባር ኰይኖም፣ ነቲ ዕላማ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገልጽ ብጽሑፍ እተዳለወ ናይ ተቓውሞ መልእኽቲ፣ ንወከልቲ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን (UNHCR) ከምኡ ውን ንወከልቲ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን (ICRC) ኣረኪቦም። ንተማበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ድማ፣ ብኣካል ረኺቦም ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ብዝርዝር ገሊጾምሎም።

ወከልቲ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣ እቲ ኣብ ርእሲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ማልታን ሊብያን እተፈጸመ በሰገዳድ ናይ ምብራር ተግባራት ከምዘጉሃዮምን፤ ንብድሕሪ ሕጂ ከምኡ ዝኣመሰለ ተግባራት ከይፍጸም ነተን ሃገራት ከምዘጠንቀቓን ሓቢሮም። ከምኡ ውን፣ ኣተሓሕዛ ስደተኛታት ኣብ ሃገራት ኣውሮጳ ከይተረፈ ኣዕጋቢ ከምዘይኰነ ኣሚቶም። ንግደ ሱዳን ኣብ ምቕባል ስደተኛታት ድማ ንኢዶም።

2. ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብ1 ጥቅምቲ 2004፣ ናይ መሰረታት ጨንፈር ካርቱም ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣካይዱ። ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፣ ንህልዊ ኩነታት ሃገርን ንጥፈታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኩነታት ተቓወምቲ ውድባትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፣ ህዝብና ዘጋጥሞ ዘሎ እተፈላለዩ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ሽግራት ዘርዚሩ። ከምኡ ውን፣ ኣብ መንጎ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራስን ተሓኤን ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ እተበጽሐ ናይ ምርዳዳእ ስምምዕ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡሉ።

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ካብዚ ብምቕጻል፣ ውጽኢት ናይቲ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ወልደሱስ ዓማርን ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ኣብ ኣመሪካ ዘካየደዎ ዑደትን ምስ ህዝብ ኤርትራን ትካላት መንግስቲ ኣመሪካን ዝገበርዎ ርኽክባት፤ ኣብ ሽወደን ዝገበሮ ዑደትን፤ ከምኡ ውን፣ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ኣብ ለንደን ኣብቲ ብተሓኤ (ማእካላይ ባይቶ) እተዳለወ በዓል ሓደ መስከረምን ኣብቲ ጸረ መንግስቲ ሊብያ እተኻየደ ብሲቪካውን ማሕበራት እተዳለወ ሰላማዊ ሰልፍን ምስታፉን ገሊጹ።

መሰረታት ውድብ፣ ከምቲ ልሙድ ውድባዊ ባህሊ ኣብ ሕቶን ርእይቶን መልስን ንጡፍ ተሳትፎ ብምብርካት፣ ነቲ ኣኼባ ጠቃሚ ኣስተምህሮን ፍልጠትን ዝቕሰመሉ ዕዉት ኣኼባ ንኽኸውን ኣብቂዖሞ።